ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ን 2012ዓ/ም ኣብ ወረደኡ ንዝርካባ ኣገልግሎት ዝዉዕላ መሳርሒ ፅሕፈት፣ ኣቁሑት ኤሌክትሮኒክስ ፣ ኮምፒተርን ኣቁሑት ኮምፒተራትን፣ኣቁሑት ፅሬት ናይ ስፖርት ዕጥቂ ፣ ኣቁሑት ሕትመት፣ ኣቁሑት ፅገና ብሽክሌት፣ ኣቁሑት ብሽክሌታ ፣ ኣቁሑት ሞተር ሳይክል ፣ መለዋወጢ ኣቁሑ መካይን ፣ ግልጋሎት ደረቅ ፅዕነት፣ኣቁሑት ገዛን ኣብያተ ፅሕፈትን ፣ግልጋሎት ፎቶ ኮፒ፣ ግልጋሎት ቀረብ ባኒ፣ ፅገና መካይንን ፅገና ሞተርሳይክልን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ነሓሰ 30, 2011 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰሉስ መስከረም 6, 2012 04:00 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10000
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰሉስ መስከረም 6, 2012 04:30 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሽከርከርቲ/ ናይ ስፖርት ዕጥቅን ተዛመድቲ አቁሑትን/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ናይ ኮምፒተር ተዘመድቲ አቁሑትን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/ መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ኣቅርቦት ምግቢ / ፅገና ሞተርሳይክል/ ፅገና ተሽከርካሪ/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/ ናይ ሕትመት ኣቁሑትን/ ግራፊክስ ዲዛይን/ መኪና ክራይ/ ትራንስፖርት ግልጋሎት/ ዕድጊት ኸቢደ መሺን/

1 ግብሪ ዝኸፈልኩምሉ (ናይ 2011ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቃድ ንግዲ ዘለኩም) ፣መለለይ ቁፅሪ ከፋላይ ግብሪ ዘለኩም፣ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገብኩም ፣ ናይ ወርሒ ጥሪ ሒሳብ ዘፍለጥኩምሉ መረዳእታ ክተቅርቡ ትክእሉ፤

2 ካልኦት ኣድለይቲ ሰነዳት ዝተማልአ ዋናን ክልተ ቅዳሕን ነንበይኖም ብምዕሻግ ሰለስቲኦም ፖስታታት ኣብ ሓደ ዓብይ ብምግባር ኣብ ልዕሊ እቲ ፖስታ ናይ ተጫረቲ ማህተምን ሽምን ብምፅሓፍ ነቲ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ከእትው ኣለዎም።

3 ተጫረቲ ኣብ ናይ ጨረታ ሰነድ ዝቀረቡ ቅጥዕታት መሊኦም ኣብ ነብሲ ወከፍ ሰነድ ፈሪሞምን ማህተም ገይሮምን በቀደም ሰዓብ ከየጓደሉ ክቅርቡ ኣለዎም። ዝተጋደለ ብእርሳስ ዝተመልአን ቅደም ሰዓቡ ዝተዛበዕን ሰነድ ጨረታ ካብ ጨረታ ወፃኢ ይገብር።

4 ኣብ እዋን ጨረታ ኣድላይቲ ዝኾኑ ሰነዳት ከቅርብ ዝኽእል፤

5 ተጫራቲ 50.00 ቅርሺ ብምክፋል ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ከ/ስ/ዕ/ፋይ/ምም/ንብረትን ቢሮ ቁፀሪ 04 ክትወስዱ ትክእሉ፤

6 ተጫረቲ መከበሪ ጨረታ ብሲፒኦ ወይ ብጥረገንዝብ ንነብሲ ወከፍ ሰነድ 10000.00 ሽሕ ቅርሺ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ከትሕዝ ዝክእል፤

7 ኣብ ተጫራታይ ተዓዋቲ ተባሂሉ ካብ ዝተነገረሉ ዕለት ጀሚሩ ድሕሪ 3ተ ናይ ቅሬታ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ 3ተ መዓልታት ውዕሊ ክኣስር ዝክእልን ከምኡውን ካብቲ ዝሰዓሮ ጠቅላላ ዋጋ 10 ሚኢታዊ ከትሕዝ ዝክእል፤

8 እቲ ጨረታ 27/12/2011- 06/01/2012 ዓ/ም ኣብ አየር ይፀንሕ። እቲ ሰነድ ጨረታ 06/01/2012 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፂዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረቲ ወይ እውን ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስ ወረዳ ታሕታይ ኣዲያቦ ይክፈት። ተወዳደርቲ ብዘይምርካቦም ሰነድ ጨረታ ካብ ምክፋት ኣይተኣጋገልን፤

9 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0345-500231/0345-500005 ደዊልኩም ምሕታት ይከኣል።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle